REGION KRONOBERG

**ድጉል ቲቢ (ዓባይ ሰዓል) ሓበሬታ ንሕሙማት (2016-09-19)**
**መከላኸሊ ሕክምና መዓስ ይወሃብ።**

*ብሓካይም ምክልኻል ለበደ ዚወሃብ: ቈጻሲ ሓበሬታ ሕማም ለበደ*

**ከመይ ኢሉ ይለግበካ፤**
ባክተርያ ቲቢ: ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብኣየር ይመሓላለፉ። እዚ ኸኣ: ሓደ ሓሚሙ ከላግብ ዚኽእል ሰብ ኣብ ዚስዕሉ ወቕቲ: እቶም ኣብ ጥቕኡ ዘርከቡ ነቶም ባክተርያ ንውሽጢ ከስተንፍሱ ከለዉ ኪኸሰት ዚኽእል'ዩ።

**ድጉል ቲቢ ማለት እንታይ ማለት'ዩ፤**
ኵላቶም ብሕማም ቲቢ ዚልከፉ ሰባት ኣይሓሙን'ዮም። ኣብ ዚበዝሑ ሰባት: ሓይሊ ኣካላቶም ንዕቤት ባክተርያ ደው ኬብል ይኽእል'ዩ። ባክተርያ ኣብ ኣካል ህልዋት ክነሶም ግን ንጡፋት ኣይኮኑን። እዚ ከምዚ ዓይነት ሕማም ከኣ **ድጉል ቲቢ** ተባሂሉ ይጽዋዕ።

**ድጉል ቲቢ: ሕማም ኣይኮነን**
ምርመራ-ደም (ኢግራ-ቴስት) ወይ ምርመራ ቈርበት (ቱበርኩሊንቴስት) ምስ ገበርካ ድጉል ቲቢ ኣሎካ ዚብል መልሲ እንተ መጺኡካ: **ምሉእ ብምሉእ ጥዑይ** ኢኻ፤ ናብ ካልኦት ሰባት'ውን ባክተርያ ኣይተላግብን ኢኻ። ኣብ መጻኢ ህይወት ሕማም ቲቢ ናይ ምምዕባል ሓደጋ ኣሎ፤ ግን እቲ ሓደጋ ንእሽቶ'ዩ። ምእንት'ዚ: ዚበዝሕ እዋን'ውን: ድጉል ቲቢ ንዘሎዎም ሕክምና ምሃብ ኣየድልይን'ዩ።

**ኣብ ሓደሓደ ኵነታት ኣቕዲምካ መከላኸሊ ሕክምና ይወሃብ'ዩ**
ገለገለ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ከይሓሙ ኣብ ሓደጋ ዘርከቡ ኣቕዲምካ ናይ መከላኸሊ ሕክምና ይወሃብ'ዩ። እዚ ቅድም-ቀዳድም ንቈልዑን መንእሰያትን: ኣብ እዋን ጥንሲ: ኣብ እዋን ሕርሲ: ከምኡ'ውን ድኹም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንዘሎዎም ሰባት: ንኣብነት ኣብ ግዜ ሕክምና መንሽሮ: ብኢንሱሊን ዚፍወስ ሕማም ሽኮር: ጽንኩር ሕማም ኵሊት ወዘተ ይምልከት። ንተላገብ ሕማም ቲቢ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተቓልዑ'ውን መከላኸሊ ሕክምና ስሕት ኢልካ ይወሃብ'ዩ።

**መከላኸሊ ሕክምና ክትወስድ/ዲ ንምዕደካ/ኪ**
ድጉል ሕማም ቲቢ ስለ ዘሎካ/ኪ: እሞ ምስ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዚጥቀሱ ጕጅለታት ስለ ትቑጸር/ሪ: ሕማም ከይምዕብል ንምክልኻል ዝዓለመ ሕክምና ክትገብር/ሪ ንምዕደካ/ኪ። እዚ ኸኣ: ኣብ መጻኢ ህይወትካ/ኪ ሕማም ቲቢ ከይለዓለካ/ኪ ዘሎ ሓደጋ ንምንካይ ዝዓለመ'ዩ።


**smittskyddsenheten**
Centrallasarettet, 351 85 Växjö. ☎0470-588278